ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ናይ 2017 በጀት ዓመት ናይ ሰራሕተኛታት ሽሚዝ /Uniform/ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ደለየ

ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ጉንበት 23, 2017 ( ቅድሚ 9 ወርሒ)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ዓርቢ ሰነ 6, 2017 03:30 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:2%
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ዓርቢ ሰነ 6, 2017 04:00 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ጨርቃ መርቂን ኣልባሳትን/

Date 30/05/2025

ቁፅሪ Ref.No DC/2564/10/2025

ምልክታ ጨረታ

ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ናይ 2017 በጀት ዓመት ናይ ሰራሕተኛታት ሽሚዝ/Uniform/ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ደለየ ክትጫረቱ እትደልዩ ሕጋውያን ትካላት በዚ ሲዒቡ ተዘርዚሩ ዘሎ ረቑሓታት መሰረት ንክትወዳደሩ ይዕድም።

1. ተጫረቲ ናይ መቕረባይ ፍቓድ ናይ ግብሪ ከፋላይ መፍለይ ቁፅሪ /TIN/ 2017 ዓ.ም ሕጋዊ ናይ ዝተሃደሰ ንግዲ ፍቓድን ናይ ቫት ተመዝጋቢ ምዃኖም ከምኡ እውን ናይ ወርሒ መጋቢት ዲክላረሽን ከቕርቡ ዝኽእሉ፤

2. ተጫረቲ ካብ ዘቕረብዎ ጠቕላላ ዋጋ ካብ 2% ዘይነኣሰ ናይ ጨረታ መኽበሪ ካብ ፋይናንሻል ትካላት ሕጋውነቱ ዝተረጋገፀ CPO ብፖስታ ዓሺጎም ከቕርቡ ይግባእ፤

3. ናይቲ ንብረት ፅሬትን መጠንን ዝምልከት ትካል ብዘቕረቦ ሳምፕልን ዓቐንን ከቕርቡ ዝኽእሉ፤

4. ዝርዝር ዝሓዘ ሰነድ ካብ ዕለት 22/9/17 ዓ.ም ጀሚሩ ካብ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ጨንፈር ሓወልቲ ብር 100/ ሓደ ሚኢቲ ብር/ ጥራሕ ምኽፋል ኣብ ስራሕ ሰዓት ክትወስዱ ትኽእሉ፤

5. ናይ ጨረታ መኽበሪ በቲ ኣብ ተራ ቑፅሪ 2 ዝተገ መሰረት ዘየቕረበ ተጫራቲ ካብ ጨረታ ዝስረዝ ምዃኑ ክፍለጥ ይግባእ፤

6. ናይ ጨረታ ውፅኢት ከይተፈለጠ ንባዕሉ ጨረታ ዘግለለ ተወዳዳሪ ንጨረታ መኽበሪ ዘትሐዞ ገንዘብ ናብ ትካል ኣታዊ ከምዝግበር ክፈልጥ ይግባእ፣

7. ናይ ጨረታ ሰነድ ነዚ ጨረታ ተባሂሉ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ጨረታ ኣታዊ ዝግበረሉ ካብ ዕለት 23/9/2017 ዓ.ም እስካብ 06/10/2017 ዓ.ም ሰዓት 3:30 ናይ ንግሆ ኣብ ዘሎ ግዜ ይኸውን፤

8. ጨረታ ዕለት 06/10/2017 ዓ.ም ሰዓት 3:30 ናይ ንግሆ ናይ ጨረታ ሳንዱቕ ተዓፀዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4:00 ናይ ንግሆ ተጫረቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ዋና ቢሮ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ኣብ 4ይ ደብሪ ክፍሊ ፋይናንስ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ይኽፈት። ተጫረቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላት ብኣካል እንተዘይተረኽቡ እውን ሕጋውነቱ እስካብ ዝተረጋገፀ ናይ ጨረታ

9. ናይ ጨረታ ሰዓራይ ውፅኢት ምስተፈለጠ ካብ ጠቕላላ ዋጋ 10% ናይ ስራሕ ኣፈፃፅማ ውሕስና /unconditional performance bond/ ከትሕዝ ዝኽእል፤

10. ሰዓሪ ጨረታ ውፅኢት ጨረታ ተፈሊጡ ሰዓሪ ምዃኑ ካብ ዝተነገረሉ ዕለት ድሕሪ 5 መዓልቲ ኣብ ዘለዉ 5 ተኸታተልቲ መዓልትታ ውሽጢ ናብ ክፍሊ ዕደጋን ንብረት ምምሕድርን ቀሪቡ ውዕሊ ክኣስር ይግባእ፤

11. በቲ ኣብ ተራ ቁዕሪ 10 ዝተገለፀ መሰረት ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ተኸታታሊ መዓልትታት ናብ ትካል ቀሪቡ ውዕሊ ዘይኣሰረ ሰዓሪ ጨረታ ንጨረታ መኽበሪ ዘትሐዞ 2% ናብ ትካል ኣታዊ ከምዝግበር ክፍለጥ ይግባእ፤

12. ትካል ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነዚ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኸፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፤

13. ተወሳኺ ሓበሬታ እንተተደልዩ ኣብ ዋና ቢሮ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቁርን ኣ/ማ ሳልሳይ ደብሪ ቢሮ ቁፅሪ 307 ብኣካል ብምቕራብ ምሕታት ይካኣል እዩ።

ምስ ሰላምታ

ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቁርን ኣ/ማ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle